ዜናዊ ጸብጻብ

ቤት ጽሕፈት ዜና
ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን (ቀዳማይ ወገን)
13.02.2007

ኤርትራዊ ዲሞክራስይዊ ኪዳን (ቀዳማይ ወገን)፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ኪዳን ዝተፈጥረ ጋግ ንምጽባብ፡ ብዙሕ መፍትሒታት ከቕርብ ምጽናሑ ዝፍለጥ ኢዩ። እዚ መፍትሒታት'ዚ፡ ብሕጽር ዝበለ በዚ ዝስዕብ ክጽሞቕ ይኽእል።

1. ካብ ብጾት ሓሰን ዓሊ ኣሰድን ዓብደላ ኣደምን ኣብ ሓዲኦም ክንዓስል፤
2. እዚ እንተዘይተዓዊቱ፡ ካብ ካልኣይ ወገን ብኣቦ መንበርነት ዝመርሓ፡ ካብ ክልቲኡ ሸንኻት ማዕረ ውክልና ዘለዋ ከም ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኰይና እትሰርሕ ሰክረታርያ ወይ ኣወሃሃዲት ሽማግለ ወይ ግዝያዊት ሽማግለ ክትቀውም (ስማ ዝኾነ ይኹን ዘፈላሊ ኣይኰነን)።
3. ካብ ክልቲኡ ሸንኻት ብማዕረ እተወከሉ ኣባላት ዘለውዎ፡ ብኣቦ መንበርነት ናይ'ቲ ሻራ ዘይሓዘ ሰልፊ ናህዳ እትምራሕ ክትቀውም ዝብል ነበረ።

እቲ ካልኣይ ወገን ኤዲኪ፡ ነዚ ኵሉ ዝቐረበሉ ማእከላዊ ፍትሓት ኣይተቐበሎን። ብኣንጻሩ፡ ተራ ብዝሒ ኣሎና ብዝብል ኣብ ሕግና ዘየለ ምስምስ ንተወልደ ምናሰ፡ ኣቦ መንበር ማእከላይ መሪሕነት፥ ንሑሴን ኽሊፋ ድማ፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ከምዝመረጸ ዝሕብር መግለጺታት ኣብ ኢንተርነት ኣንቢብና። ብድሕር'ዚ ውን፡ ኣባላት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈትን መዝታቶምን ዝገልጽ ጽሑፍ ኣብ ኢንተርነት ሰፊሩ ርኢና።

ድሕር'ዚ ኵሉ ትዕግስትን ማእከላይ ፍታሕ ንምርካብ እተገብረ ጻዕርታትን፡ ቀዳማይ ወገን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ነዚ ዝመጽእ 8 ኣዋርሕ ዝመርሕ ግዝያዊ መሪሕነት ኣቘመ። ንሳቶም ከኣ፡-

1. መንግስተኣብ ኣስመሮም፡- ኣቦ መንበርን ግዝያዊ መሪሕነት፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜናዊ ጉዳያት፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ሓበሬታን ጸጥታን፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ገንዘባዊ ጉዳያትን፤
2. መሓመድ ኑር ኣሕመድ፡- ምኽትል ኣቦ መንበርን ሰከረተርን፤
3. ዓብደላ ኣደም፡- ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጉዳያት፤
4. ሓጅ ዓብደልኑር፡- ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ህዝባውን ማሕበራውን ጉዳያት፤
5. ዶክተር በየነ ኪዳነ፡- ኣባል ግዝያዊ መሪሕነት፤
6. ወልደሱስ ዓማር፡- ኣባል ግዝያዊ መሪሕነት።

ብመሰረት ውሳኔታት ግዝያዊ መሪሕነት፡ ኣብ ትሕቲ'ዞም ኣብ ላዕሊ ኣስማቶም ተጠቒሶ ዘሎ መራሕቲ ኰይነን ንዜናውን ህዝባውን ማሕበራውን ጸጥታውን ሓበሬታውን ገንዘባውን ዲፕሎማስያውን ስርሓት ዘካየዳ ሽማግለታት ቈይመን ኣለዋ።

ካብ'ዚ መደባት'ዚ ብምብጋስ፡ ብጾት መንግስተኣብ ኣስመሮምን ዶክተር በየነ ኪዳነን ዝመርሕዎ ናይ መራሕትን ካድራትን ኣኼባ ቀዳማይ ወገን ብዕለት 07.03.207፤ ናይ መሰረታት ኣኼባ ድማ ብዕለት 11.02.2007 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተኻይዱ።

ኣብ'ዚ ኣኼባ'ዚ፡ ብዛዕባ ካልኣይ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ቻርተሩን፤ ከምኡ ውን፡ ምስ ቅዋም ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብምትእስሳር፡ ኣብ ምምራጽ መሪሕነት ዝተፈጥረ ቅልውላውን ብክልቲኡ ሸነኻት ዝተታሕዙ መርገጺታትን ዝቐረቡ ፍትሓትን ሰፊሕ መግለጺ ቀሪቡ። ነቲ ኣኼባ ዝመርሑ ዝነበሩ ኣባላት ግዝያዊ መሪሕነትን፤ ኣብ ጉባኤ ተሳቲፎም ዝነበሩ ወከልትን ድማ፡ ነቲ ካብ ኣኼበኛታት ዝቐረበ ሕቶታት መልስን መብርህን ሂቦም።

ካብ ኣኼበኛታት ዝቐረበ ርእይቶታት ድማ፡ ኣባላት ግዝያዊ መሪሕነትን ዝወሰድዎ ስጉምታትን ነቲ ጋግ ንምጽባብ ዘቕረብዎም ፍትሓትን ዝምጉሱን ዝነኣዱን ምንባሮም ዘረጋግጹ ነበሩ።

ኣብ መደምደምታ፡ ኣባላት ግዝያዊ መሪሕነት፡ ብጾት መንግስተኣብን ዶክተር በየነን፡ ኣባላት ሰለስቲኡ ውድባት፡ ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ቅልውላው ብሓላፍነታዊ ኣገባብን ከም'ቲ ዝነበረ ክውንነትን ጌሮም ክገልጹን፤ ካብ ጸለመን ጸርፍን ምንህሃርን ክርሑቑን፤ ኣትኵሮኦም ኣብ'ቲ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምውዳቕን ንቻርተር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ምብራህን ዘትኵረ ክኸውን ከምዘለዎ መምርሒ ሂቦምን ነቲ ኣኼባ ዛዚምዎ።

ከምኡ ውን፡ ኣባላት ግዝያዊ መሪሕነት፡ ኣብ'ቲ ዝንቀሳቐስሉ ቦታታት ተመሳሳሊ ኣኼባታት ከካይዱ መደብ ተታሒዝሉ ኣሎ።